


# ካብ ማህደር ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር 5ይ ክፋል።








ህዝቢ ምስ ውድቡ ዘለዎ ምትእስሳር ብሓደወገን፡ ብኻልእ ወገን ውድብ ኣብ ህዝቡ ዘለዎ እምነት ካብ ህዝባዊ መልሻ ካብ ክልቲኡ ጾታ ጸላእቱ/ታ ክምክት/ክትምክት ብረት ተሰኪመን/ሞም ንዕዘብ። ንዝባዊ ግንባር ካብ ከዕዉትዎ ዝኽኣሉ ሓደ እዚ " ሓፋሽ ይወደብ ይንቃሕ ይዕተቅ " ዝብል ፍልስፍና ንህዝብን ውድብን ከም ማይን ጸባን ጸንቢሩ ሓደ ኣካል ሓደ ልቢ ንሓደ ዓላማ ከዋስኦ ዝኽኣለ። ንዝባዊ ግንባር ነጻ ዘዘውጽኦ ቦታታት ብመልሻ ክሕሎ እናገበረ፡ ጉዕዙኡ ብሙሉእ ምትእምማን ይስጉም ነይሩ። ሓፋሽ ዓንድ ሕቖ ሰውራ።

ደርግ ግና ነቲ ክውንነት ክቕበል ቅሩብ ኣይነበረን። ግፍዕታቱ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኣኽረሩ። ኣብ 1984-86 ዝተራእየ ድርቅን ኣንበጣን ድማ ዘይተጸበዮ ምርጃ ኰይንዎ። እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ሕሱም ዓመታት እዩ ነይሩ። ብዙሓት ሞይቶም፡ ኣሽሓት ተሰዲዶም፡ ክልኦት ህይወት ደቆም ክድሕኑ ብረት ደርግ ኪስከሙ ተገዲዶም።ረድኤት ናብ ኵሎም ግዳያት ንኸበጽሕ ተኹሲ ደው ንኽብል ህ.ግ. ንዘቕረቦ እማመ ደርግ ነጺግዎ። ንዝተዋህበ ብዙሕ ረድኤት ድማ ኣብ ወተሃደራዊ መዓላ ኣውዒልዎ።

ህ.ግ.ን ማሕበር ረድኤት ኤርትራን፡ ብቐዳምነት ኣብ ውሽጣዊ ዓቕሚ ብምምርኳስ ብካልኣይ ደረጃ ድማ ካብ ደገ ብዝተረኽበ ውሱን ኣህጉራዊ ሓገዝ ብምጥቃም፡ ንደርቅን ኣንበጣን መኪቶም።

... ولكن الدرق لم يكن مستعدا لتقبل ذلك الواقع فصعد من جرائمه الوحشية ضد المواطنين العزل . وكان الجفاف وموجات غزو الجراد التي لم تشهد لها البلاد مثيلا خير حليف للدرق في مضاعفة معاناة شعبنا .

لقد كانت هذه السنوات من اقسى السنوات التي مرت بالشعب الارتري . فقد هلك الالاف ونزح آلاف آخرون . لقد رفض نظام الدرق الاقتراح الذي تقدمت به الجبهة الشعبية لاعلان وقف اطلاق النار بين الجانبين حتى يمكن توصيل المواد الغذائية لضحايا الجفاف . كما سخر نظام الدرق الكثير من مواد الاغاثة لاغراضه العسكرية .

اعتمادا على قدراتنا الذاتية بالدرجة الاولى والمساعدات الخارجية المحدودة بالدرجة الثانية . قامت الجبهة الشعبية لتحرير ارتريا بالتعاون مع جمعية الاغاثة الارترية بالتصدي للجفاف وغزوات اسراب الجراد المدمرة .

The Dergue was not ready to accept the new realities, however. To arrest the advance of the popular struggle, it intensified its atrocities on the civilian population at a time when drought and locust ravaged Eritrea.

1984-86 were difficult years for the Eritrean people. Lives of hundreds of people, especially the more vulnerable children and aged persons, were lost. Thousands more sought refuge in the Sudan. Others joined the Dergue's militia so they can receive relief aid from the Dergue and save the lives of their families. The military regime of Addis-Abeba rejected off-hand EPLF 'cease-fire' proposals that would facilitate relief work. It also diverted relief aid to the army.

Only a small portion of the massive international relief aid was channeled directly to Eritrea. Nevertheless, the EPLF and the Eritrean Relief Association (ERA) succeeded in quickly controlling the effects of famine by mobilizing internal resources and effectively distributing external relief aid.

ደርግ ሰውራ ንምጥፋእ ህዝቢ ምጽናት ብፍላይ ከኣ እቲ ኣብ ገጠራት ዝነብር ንሰውራ ዝዕንግልን ዘዕቑብ ገሩ ስለ ዝወሰዶ ከጽንቶ ድሕር ኣይበለን። ኣብ 1984 ካሳብ 1986 ዝተራእየ ድርቕን ኣንበጣን፡ ንደርጊ ምርቓ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ውድቡን ዓቢ ጸገም ኮነ።

ህዝባዊ ግንባር ረዲኤት እኽሊ ካብ ገበርቲ ሰናያት ዝተለገሰ መታን ኣብ ህዝቢ ክበጽሕ ናይ ውግእ ደው ምባል እማመ ኣቕረበ። እንተኾነ ግን ደርግ እቲ ብኹናት ክዕወተሉ ዘይካኣለ በዚ ብባህርያዊ ሓደጋ ዝተፈጥረ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ ነቲ ዝተለገሰ ረዲኤት ኣብ ህዝቢ ከምዘይበጽሕ ገሩ ስንቂ ሰራዊቱ ገበሮ። እዛ ሎሚ ብሓሶት ተላዕጠጠ ክሲ ሰብኣዊ መሰል ትብል ዘላ ሕቡራት መንግስታት ደርጊ ንህዝቢ ኢሉ ዝመጸ ሓገዝ ክግብቶ ከሎ ብጭቕ ኣይበለትን። ብሰንኩ ብዙሓት ጥሪት ሃለቓ፡ ብዙሕ ሰብ ከኣ ንሞት ተዓልዔ።

ህዝብዊ ግንባር ምስ <u>ሓሙሽተ</u> ሓያላን ኲናት ክገጥም ተገደደ። (ደርግ- ድርቂ - ኣንበጣ፡ ክድዓት፡ ስደት ህዝቢ )። ኲነታት ክጻወር ዘይኻእለ ወይ ከም ኣጋጣሚ ምኽንያት ተጠቂሙ ካብ ቃልሲ ዝተሰወረ ተጋዳላይ ውሑድ ኣይነበረን። እቲ ዝወሃብ ዝነበረ ምኽንያት ጥልመቱ ንምሽፋን መሪሕነት ህ.ግ. ጻረ ምሁራት እዩ፡ ነቶም ዘይተማህሩ ሒዙ ከምዘይንጋደል ገሩና ዝብል ንሓሶት ዘይሸፍን ኣበሃህላ ነይሩ። ንህ.ግ. እቲ ቀንዲ ዝገድሶ ዝነበረን ኣብኡ ኣተኩሩ ዝሰርሓሉን ካብ ንብረቶም ዝተማዛበሉ ህዝቢ ከዕቁቦምን ኣብ ሰላም ዘለዎ ቦታ ከጉዕዞም ከምግቦምን ተጓየየ። <u>እዚ መድረኽዚ ንህ.ግ. ሳዕርን ኣቕጽልትን ተበሊዖም ከምዘይቀትሉ፣ ተጻዋርነት ጽምኢ ማይ ንተጋዳላይን ገመልን ሓደ ም኿ኑ ዝተነጸረሉ መድረክ እዩ ነይሩ።</u> (ተጋዳላይ ሽንቱ ዝሰተየሉ ግዜ ከምዝነበረ ክዝንጋዕ ኣይግባእን) ንሱዳን ዝተሰደ ቁጽሪ ህዝቢ እውን ተወሳኺ ዝክፍታ ፈጠረ። እቲ ኲነታት ብስእሊ እንታይ ይመስል ከም ዝነበረ ንመልከት።



**ድርቂ፡** **ጥምየት፡**



**ኣምበጣ፡**




**ስደት፡**


ህ.ግ. ኩሉ ጸገማት ብኸመይ መከቶ? ህ.ግ. ንዝኾነ እንተታት ተዳልዩሉ ከም ዝነበረ እዩ ዘረድኣካ። ምጭናቕ ወይ ሸበድበድ ኣይነበሮን። ሓይሊ ሰቡ ብዝግባእ ሰሪዑ ንኹሎም ሽግራት ከከም ዓይነቶም ኣመጻጽኦምን ገጢሙዎም። ቃልሲ ገዲፉ ንዝኸደውን ሰናይ ይግበርልካ እንተዘይኮይኑ፡ ብሰንኩ ዝተሳዕረ ቃልሲ ኣይነበረን። ወይ ዝተሰናኸለ መድብ ኣይነበረን። ግዝያዊ ጉድኣት ኣይነበሮን ማለት ኣይኮነን። ኣብ መስርሕ ቃልሲ ኣሉታዊ ግደ ተጻዊቱ እዩ። ውድብ ዘተኮረሉ ንመነባብሩኦም ዝተመዛበሉ ህዝቢ መዕቆቢ ሓድሽ መደበር ሰሎሙና ኣዳለወ። ብዝተኻእለ መጠን እቲ መሰረታዊ ዘድልዮም ነገራት ኣማልኤ።




ሓፍሽ ኣብ ትሕቲ ጽላል ውድቡ ምስ ግዜን ቦታን ተመሳሲሉ ናብርኡ ክመርሕ ጀመረ። ኩሉ ብዘይ ዝኾነ ፍልልይ ከም ማይን ጸባን ተወሃሂዱ ሓንቲ ስድራ ቤት መሰለ። ህ. ግ. ነብሱ ብተጻዋርነት ቀጺሉ ህዝቡ ኣብ ምንባይ ኣተወ። እዛ ትስዕብ ስእሊ ንመልከት።



መካይን ገድሊ ሙሉእ ኣቓልቦኤን ካብ ሱዳን ንሜዳ ዝተሸመተ ይኹን ዝተለገሰ ስንቂ ከመላልሳ ተጸምዳ። ንኹሉ ኣብ ትሕቲ ህ.ግ. ዝቆጻጸሮ ቦታታት ዝነብር ህዝብና ንምዕንጋል ሓይሉ ኣዝዩ ተመጠ። ህዝቢ ባዕሉ ነብሱ ከማሓድር ኣብቲ ጽንኩር መርድረኽ ህ.ግ. ዓቕሙ ብዘፍቅዶ ወዲቡ፡ ነብሶም ዝኽእሉ መደባት ኣተኣታትዩ። ( ተጻባይነት ኣካላት የልምስ፡ ሓንጎልካ የደስክል )። ህዝቢ ካብ ተጻባይነት ነጻ ንምዃን ኣብ ዝተፈላለየ ኢደ ጥበባውን ሕርሻውን ስርሓት ተጸምደ። ኣደታት መዓስከር ሶሎምና ኣብ ኢደ ጥበባዊ ስርሓት ተጸሚደን ከለዋ።



ዕላል ቡን



ኢደ ጥበባዊ ስርሓት



ስፍየት መኪና፡



ማእለም፡




ጆርዲን እናኾስኽፅሳ፡

እዘን ኣደታት ነቲ ኣብ ጽንኩር መድረኽ ቃልሲ፡ ግን ከኣ ሕጉስ ሂወት ሎሚ ብኸመይ ኮን ይዝክርአ ይህልዋ? እቲ መልሲ ናብኤን ዝግደፍ ኮይኑ ከም ርእይቶይ ግን ካብኡ ዝበለጸ ሂወትን ፍቕሪ ኣሎ ኢለ ኣይኣምንን።

ካብ ማህደር ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር 6ይ ክፋል ኣብ ዝቕጽል።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር።